# መዐቀኒ ጽፈት ሞያዊ መነባብሮ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና

ኣብ ከቢድ ሰብኣዊ ቅልውላው ወይ ለበዳዊ ኩነታት እትሰርሑ ዘለኹም ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ከም ምዃንኩም መጠን፣ምስ ናይ ዓማዊልኩምን ተገልገልቲን ሂወት ቀጥታዊ ዝኾነ ረኽቢ ኣለኩም፡፡ኣጋጢምኩም ከም ዝኽእል ኩሉ፣ነቶም ትሕግዝዎም ሰባት እተርእይዎ ሕያዋይነት ንዓኻትኩም እውን ብኣወንታዊ ይኹን ብኣሉታዊ ክጸልወኩም ይኽእል እዩ፡፡ኣብ ታሕቲ ከም ሓደ ሓጋዚ መጠን ብዛዕባ ዘለኩም ኣወንታዊን ኣሉታዊ ተመኩሮ ዝሓቱ ሙሉእ ሓሳባት ቀሪቦም ኣለው፡፡

ነብሰ ወከፍ ሙለእ ሓሳባት ብዛዕባ ናይ ሕጂ ህልው ኩነታት ስራሕኹም ኣመልኪትኩም ሕሰብሎም፡፡ ካብኡ እዞም ነገራት ኣብ ዝሓለፉ 30 መዓልታት ክንደየናይ ከምዘጋጠምኹም ነቲ ኣዝዩ ብትኽክል ዝገልጽ ቁጽሪ ኣኽብብሉ፡፡

| | ብፍጹም | ሳሕቲ | ሓድሓደ ግዜ | መብዛሕቲኡ ግዜ | ቀጻሊ |
|---|---|---|---|---|---|
| 1. ኣነ ኣብ ክንክን ጥዕና ክሰርሕ ብምምራጸይ ሕጉስ እየ፡፡ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 2. ኣነ ሓድሓደ ግዜ ምስ ውልቃዊ ክብርታተይ ኣንጻር ዝኾዱ ነገራት ክሰርሕ ዝተገደድኩሉ ኩነታት ኔሩ፡፡ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 3. ኣነ ብስርሐይ ምኽንያት፣ዘየድልዩን መጨናነቕቲ ሓሳባት ኣለውኒ፡፡ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 4. ኣብ ስራሕ ኣነ ብስነ ምግባራዊ ሞራል ጉጉያት እዮም ኢለ ዝኣምነሎም ነገራት እንትፍጸሙ ሪኤ፡፡ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 5. ኣነ ብመሳርሕተይ ከምዝተሓገዝኩ ኮይኑ ይስማዓኒ፡፡ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 6. ኣነ ምስ ዓማዊለይ ብምስርሐይ ተወሳኺ ሓይሊ ከምዝሰነቕኩ ይስማዓኒ፡፡ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 7. ኣነ ምስ ስድራይ ኣብ ዝኾነሉ ነብሰይ መብዛሕቲኡ ግዜ ብዛዕባ ዓማዊለይ ዝሓስብ ኮይኑ ረኺበዮ ኣለኹ፡፡ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 8. ምሕደራዊ መምርሒታትን ሕግታትን ናተይ ስራሕ ኣዝዩ ኣሽጋሪ ጌይሮሞ ይርከቡ፡፡ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 9. ኣነ ሓድሓደ ግዜ፣ እቲ ክወሃብ ይግብኦ ኔሩ ኢለ ዝኣምነሉ ክንክን ክህብ ዘይካኣልኩሉ ኩነታት ኔሩ፡፡ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 10. ኣነ በቲ ኣብ ስራሕ ዝርእዮ ስቓይ ዝተጻለኹ ኮይኑ ይስማዓኒ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 11. ኣብ ናይ ክንክን ጥዕና ስርሐይ ስድራይ ይሕግዙኒ እዮም | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 12. ብስርሐይ ምኽንያት፣ብዛዕባ ብዙሓት ነገራት ምጭንናቕ ይስማዓኒ እሎ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 13. እቶም ውሳነ ዝህቡ ሰባት ብዛዕባ ድሕንነተይ ኣብ ዝህለወኒ ተገዳስነት ስራሕ ጸሊዎሙኒ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 14. ኣነ ሓድሓደ ግዜ፣ኣብ ስርሐይ ብዝገበርኩዎም ምርጫታት ሕንከት ይስማዓኒ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 15. ኣነ ኣብ ስርሐይ ሕጉስ ኣይኮንኩን | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 16. ኣነ በቲ ኣብ ስራሕ ዝርእዮ ስቓይ ምኽንያት ከቢድ ጭንቀት ይስማዓኒ እሎ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 17. ኣነ ኢ-ስነ ምግባራዊ እዮም ኢለ ዝኣምነሎም ነገራት ሰራሕተኛታተ ክንክን ጥዕና ክገብሩ ስለዝተዓዘብኩ ሕጉስ ኣይኮንኩን | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 18. ሓላፊየ ብዛዕባ ውልቀ ድሕንነተይ ይግደስ እዩ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 19. ጻዕቒ ስርሐይ መወዳእታ ዘለዎ ኣይመስልን | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 20. ናተይ ናይ ስራሕ ቦታ ንክትሰርሐሉ ኣዝዩ ክርፋሕ ቦታ እዩ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 21. ኣነ ኣብ ክንክን ጥዕና ብዘለኒ ስራሕ ዕግበት ይስማዓኒ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 22. ኣነ ብስራሐይ ምኽንያት፣ንውልቀ ሂወተይ ብዙሕ ግዜ የብለይን | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 23. ኣነ ብዛዕባ ኣብ ስራሕ ዘለውኒ ሽግራት ከዕልሎም ዝኽእል ሰባት ኣለውኒ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 24. ኣነ ኣብ ክንክን ጥዕና ብዘለኒ ስራሕ ኣቢለ ርኡይ ለውጢ ከምጽእ ከምዝኽእል ይኣምን፡፡ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 25. ኣነ ኣብ ስርሐይ ዝሕግዙኒ ናይ ቀረባ መሓዙት ኣለውኒ፡፡ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 26. ኣነ ናይ ዓሚዊለይ ስቓይ ዘዘኻኽሩኒ ንጥፈታት ወይ ኩነታት ካባይ የርሕቖም፡፡ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 27. ኣነ ንምሕጋዝ ኢለ ብዝገበሮ ነገር ሕቡን እየ፡፡ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 28. ኣነ ንሰባት ኩሉ ግዜ ክሕግዝ ብዘይምኽኣለይ ተሓታቲ ከምዝኾንኩ ይስማዓኒ፡፡ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 29. ናተይ ስራሕ ኣሰላችውኒ እሎ፡፡ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |
| 30. ኣነ እቲ ናይ ክንክን ጥዕና ስርሐይ ነዛ ዓለም ብልጽቲ ቦታ ከምዝገብራ ኮይኑ ስምዓኒ፡፡ | (1) | (2) | (3) | (4) | (5) |

The CENTER for VICTIMS of TORTURE

© Center for Victims of Torture (CVT) (2021). Professional Quality of Life: Health Worker, Version 1.
This test may be freely copied as long as (a) the author is credited, (b) no changes are made, and (c) it is not sold.
Partially funded by the United States Government.

## ውጽኢታት ፕሮኮል ጥዕናይ  ብከመይ ይረከብ?

ከም ፕሮኮል- ጥዕና ዝበሉ ውጽኢታት  ከም ሓደ ኣካል ሓበሬታ እቲ ጽፈት መነባብሮኹም  ተጌሮም ክራኣዩ ይግባእ፡፡ነቲ ናይ ፕሮኮል-ጥዕና ውጽኢት ምስ ውልቃዊን ናይ ስራሕ ሂወት ተመኩሮኹም ከምኡ እውን ካልኦት ናይ ቀረባ ሰባት ብዛዕባ ጥዕናኹምን ሕጉስነትኩምን ኣመልኪቶም ምስ ዘለዎም ትዕዝብቲ ምምንጽጻር ጠቓሚ እዩ፡፡ ብዙሓት ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ነቲ ፕሮኮል-ጥዕና ብመደበኛ በብግዚኡ  ብምምላእ ነቲ ናይቲ ሕጂ ምስቲ ናይ ሕሉፍ ውጽኢት ምንጽጻር ጠቓሚ ኮይኑ እዮም ረኺበምዎ፡፡ብካሊእ ኣገላልጻ ነቶም ናይ ሕሉፍ ውጽኢታትኩም ሕጂ ከመይ ከምዘለኹም ንምፍላጥ ከም መነጻጸሪ ክትጥቀምሎም ትኽእሉ ኢኹም፡፡ካልኦት ከዓ ነቶም ውጽኢታቶም ምስ ዝኣምንዎም መሳርሕቶም፣መሓዝቶም ከምኡ እውን ስፖርቫይዘራቶም ምምይያጥ/ምክፋል ጠቓሚ ኮይኑ ረኺበምዎ እዮም፡፡

እቲ ፕሮኮል-ጥዕና ሕጂ እውን ገና ኣብ ምምዕባል እዩ ዝርከብ፡፡ሕጂ እውነ ገና ዳታ ኣብ ምእካብ ኢና ንርከብ ብኡ ኣቢልኩመ ከዓ ውጽኢትኩም ምስ ናይ ካልኦት ሰራሕተኛታት ጥዕና ምንጽጻር ንኽትኽእሉ ምእንቲ፡፡ እቶም መዐቀኒታት ወይ ከዓ ትሑት፣ማእኸላይ ከምኡ እውን ኣዝዩ ልዑል መጠን ዝብሉ  ተራ መምርሒ ኢኹም ክትጥቀምሉም ይግባእ፡፡

### ዕግበት ሕያዋይነት

ቁጽሪ መልስታትኩም (ብፍጹም=1፣ሳሕቲ=2፣ ወ.ዘ.ተ )ናብቶም ኣብዚ ሰደቓ ዘለው 6 ሕቶታት  ገልብጥዎም እሞ ደምርዎም፡፡ቀጺልኩም ውጽኢትኩም ትሑት፣ማእኸላይ ወይ ልዑል ዕግበት ሕያዋይነት ዝብል ንምፍላጥ ኣብቲ ብየማን ዘሎ ሰደቓ ራኣዩ፡፡

1. ______
6. ______
21. ______
24. ______
27. ______
30. ______

**ጠቕላላ** ______

| **ጠቕላላ ድምር ሕቶታት ዕግበት ሕያዋይነት ዝኸውን፡** | **መጠን ዕግበት ሕያዋይነት ዝኸውን ከዓ፡** |
|---|---|
| 12 ወይ ትሑቲኡ | ትሑት |
| ካብ13 ክሳብ 23 | ማእኸላይ |
| 24 ወይ ካብኡ ንላዕሊ | ልዑል |

### ተረኺቡ ተባሂሉ ዝሕሰብ ሓገዝ

ቁጽሪ መልስታትኩም (ብፍጹም=1፣ሳሕቲ=2፣ ወ.ዘ.ተ )ናብቶም ኣብዚ ሰደቓ ዘለው ሕቶታት  ገልብጥዎም እሞ ደምርዎም፡፡ቀጺልኩም ነቲ ጠቕላላ ውጽኢት ኣብ ታሕቲ ጸሓፍዎ፡፡ካብኡ ውጽኢትኩም ትሑት፣ማእኸላይ ወይ ልዑል መጠን ተረኺቡ ተባሂሉ ዝሕሰብ ሓገዝ ንምፍላጥ  ኣብቲ ብየማን ዘሎ ሰደቓ ራኣዩ፡፡

5. ______
11. ______
13. ______
18. ______
23. ______
25. ______

**ጠቕላላ** ______

| **ጠቕላላ ድምር ተረኺብ ተባሂሉ ዝሕሰብ ሓገዝ ዝኸውን:** | **መጠን ተረኺቡ ተባሂሉ ዝሕሰብ ሓገዝ ዝኸውን:** |
|---|---|
| 12 ወይ ትሕቲኡ | ትሑት |
| ካብ 13 ክሳብ 23 | ማእኸላይ |
| 24 ወይ ንላዕሊ | ልዑል |

**ምስልቻው**

ቁጽሪ መልስታትኩም (ብፍጹም=1፣ሳሕቲ=2፣ ወ.ዘ.ተ )ናብቶም ኣብዚ ሰደቓ ዘለው ሕቶታት ገልብጥዎም እሞ ደምርዎም፡፡ቀጺልኩም ውጽኢት መጠን ካልኣይ ደረጃ ምስልቻውኩም ትሑት፣ማእኸላይ ወይ ልዑል ምዃኑ ንምፍላጥ ኣብቲ ብየማን ዘሎ ሰደቓ ራኣዩ፡፡

8. ______
15. ______
19. ______
20. ______
22. ______
29. ______
**ጠቕላላ:** ______

| **ጠቕላላ ድምር ናተይ ናይ ምስልቻው ሕቶታት፡** | **ናተይ ናይ ምስልቻው መጠን ዝኸውን ከዓ:** |
|---|---|
| 12 ወይ ትሕቲኡ | ትሑት |
| ካብ 13 ክሳብ 23 | ማእኸላይ |
| 24 ወይ ልዕሊኡ | ልዑል |

**ካልኣይ ደረጃ ስምብራታዊ ጸቕጢ**

ቁጽሪ መልስታትኩም ቁጽሪ መልስታትኩም (ብፍጹም=1፣ሳሕቲ=2፣ ወ.ዘ.ተ )ናብቶም ኣብዚ ሰደቓ ዘለው ሕቶታት ገልብጥዎም እሞ ደምርዎም፡፡ቀጺልኩም ውጽኢት መጠን ካልኣይ ደረጃ ስምብራታዊ ጸቕጥኹም ትሑት፣ማእኸላይ ወይ ልዑል ምዃኑ ንምፍላጥ ኣብቲ ብየማን ዘሎ ሰደቓ ራኣዩ፡፡

3. ______
7. ______
10. ______
12. ______
16. ______
26. ______
**ጠቕላላ:** ______

| **ጠቕላላ ድምር ሕቶታት ስምብራትዊ ጸቕጢ ዝኸውን:** | **መጠን ስካልኣይ ደረጃ ብራታዊ ጸቕጠይ ዝኸውን:** |
|---|---|
| 12 ወይ ትሕቲኡ | ትሑት |
| ካብ 13 ክሳብ 23 | ማእኸላይ |
| 24 ወይ ልዕሊኡ | ልዑል |

**ሞራላዊ ምጭንናቕ**

ቁጽሪ መልስታትኩም (ብፍጹም=1፣ሳሕቲ=2፣ ወ.ዘ.ተ )ናብቶም ኣብዚ ሰደቓ ዘለው ሕቶታት ገልብጥዎም እሞ ደምርዎም፡፡ቀጺልኩም ውጽኢት መጠን ሞራላዊ ምጭንናኩም ትሑት፣ማእኸላይ ወይ ልዑል ምዃኑ ንምፍላጥ ኣብቲ ብየማን ዘሎ ሰደቓ ራኣዩ፡፡

2. ______
4. ______
9. ______
14. ______
17. ______
28. ______
**ጠቕላላ** ______

| **ጠቕላላ ድምር ሕቶታት ሞራላዊ ምጭንናቐይ ዝኸውን:** | **መጠን ሞራላዊ ምጭንናቐይ ዝኸውን ከዓ:** |
|---|---|
| 12 ወይ ትሕቲኡ | ትሑት |
| ካብ 13 ክሳብ 23 | ማእኸላይ |
| 24 ወይ ልዕሊኡ | ልዑል |

## ውጽኢታት ፕሮኮል - ጥዕናይ ከ እንታይ ማለት እዩም?

እቲ ፕሮኮል-ጥዕና ሕጂ እውን ገና ኣብ ምምዕባል እዩ ዝርከብ፡፡ሕጂ እውነ ገና መረዳእታ ኣብ ምእካብ ኢና ንርከብ ብኡ ኣቢልኩመ ከዓ ውጽኢትኩም ምስ ናይ ካልኦት ሰራሕተኛታት ጥዕና ምንጽጻር ንኽትኽእሉ ምእንቲ፡፡ ውጽኢታትኩም ንምውሳን ነቲ ኣብ ገጽ 3 ዘሎ ውጽኢታ ኣዋህባ መምርሒ ተጠቐሙ እሞ ነቶም ውጽኢታትኩም ኣብ ታሕቲ ኣብ ዘለው ክፍቲ ቦታታት ጸሓፍዎም ፡፡እቶም መዐቒኒታት ወይ ከዓ ትሑት፣ማእኸላይ ከምኡ እውን ልዑል መጠን ዝብሉ ከም ተራ መምርሒ ጥራሕ ኢኹም ክትጥቀምሉም ዝግባእ፡፡

ብዙሓት ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ነቲ ፕሮኮል-ጥዕና ብመደበኛ በብግዚኡ ብምምላእ ነቲ ናይቲ ሕጂ ምስቲ ናይ ሕሉፍ ውጽኢት ምንጽጻር ጠቓሚ ኮይኑ እዮም ረኺበምዎ፡፡ብካሊእ ኣገላልጻ ነቶም ናይ ሕሉፍ ውጽኢታትኩም ሕጂ ከመይ ከምዘለኹም ንምፍላጥ ከም መነጻጸሪ ክትጥቀምሉም ትኽእሉ ኢኹም፡፡ካልኦት ከዓ ነቶም ውጽኢታቶም ምስ ዝኣምንዎም መሳርሕቶም፣መሓዝቶም ፣ስፖርቫይዘራቶም ወይ ውን ምስ ናይ ጥዕና ኣእምሮ ሓጋዛይ ምምይያጥ/ምክፋል ጠቓሚ ኮይኑ ረኺበምዎ እዮም፡፡

ጥንካሬታት

**ዕግበት ሕያዋይነት** _______________

ዝብሃል ኣብ ናይ ክንክን ጥዕና ስራሕኹም ዕውታት ምስ እትኾኑ ትረኽብዎ ዕግበት እዩ፡፡ንኣብነት፡- ብስራሕኩም ኣቢልኩም ካልኦት ክትሕግዙ ብምኽኣልኩም ዕግበት ክስማዓኩም ይኽእል፡፡ ንማሓቱኹም ወይ ውን ኣብ ስራሕ ቦታኹም ወይ ነቲ ሰፊሕ ሕብረተሰብ ጽባቐ ብዝትገብርዎ ኣብርክቶ እውን ኣወንታዊ ዝኾነ ስምዒት ክስማዓኩም ይኽእል እዩ፡፡ ኣብዚ መዐቀኒ ዝለዓለ ውጽኢት ረኺብኩም ማለት ከዓ ኣብ ናይ ክንክነ ጥዕና ስራሕኹም ዘለኩም ዕውትነት ዘመላኽት እዩ፡፡

**ከምዝተረኽበ ዝሕሰብ ሓገዝ** _______________

.ከም ዝተረኽበ ዝሕሰብ ሓገዝ ዝብሃል ሓገዝ ከድልየካ ከሎ ውጽኢታዊ ዝኾነ ሓገዝ ረኺበሉ ኢልካ ንእትሓስቦ ድጋፍ ዝገልጽ እዩ፡፡እቲ ሓገዝ ንኣብነት ናይ ባዕልና ዓቕሚ ክጽንቐቕ ከሎ ንጥፈታት ኣብ ምክዋን ሓገዝ ምርካብ፣ጠቓሚ ዝኾነ ምኽሪ ምሃብ፣ከበድቲ ንዝኾኑ ጸገማት ኣብ ምፍታሕ ምሳና ብምስራሕ፣ኣብ ስራሕ ካብ ዘጨናንቑና ነገራት ንዓና ክንርቕ ብምግባር፣ንሽግራትና ስነ ኣእምራው ሓገዝን ሓልዮታውነትን ብምሃብ ዝበሉን ሓዊሱ ብቡዙሕ መልክዑ እንረኽቦ ሓገዝ ክኸውን ይኽእል ፡፡ኣብዚ ልዑል ውጽኢት ረኺብኩም ኣለኹም ማለት ካብ ካልኦት ጽቡቕ ዝኾነ ሓገዝ ረኺብኩም ኣለኹም ንዝብል ስምዒት፣ማለት ነቲ ኣገዳሲ ዝኾነ ባእታ ኩለመዳያዊ ጽፈት መነባብሮ ዘመላኽት እዩ፡፡

ተቓለዕነታት

**ምስልቻው**_______________

ዝብሃል ኣብ ስራሕካ ዕውት ከይትኸውን ንዝገብሩኻ ናይ ተስፋ ምቑራፅን ምስልቻውን ስምዒታት ዝገልጽ እዩ፡፡ እዞም ስምዒታት ቀስ ብቐስ ዝጅምሩን ድሕሪ ግዜ ከዓ እንደገደዱ ዝኸዱን እዮም፡፡ ብሓፈሻ ብናይ ስራሕ ምስልቻው ዝሸገሩ ሰባት ኣዝዩ ጻዕቒ ስራሕ ዘለዎም፣ብዙሕ ናይ ዕረፍቲ ዕድል ዘየብሎምን፣ሓጋዛይ ኣብ ዘይኮነ ሃዋህው ዝሰርሑን እዮም፡፡ መባዛሕቲኡ ግዜ ከምዘይነኣዱን ጻዕርታቶም ብዙሕ ለውጢ ከምዘየብሎምን ኮይኑ ዝስምዖም እዮም፡፡ ኣብዚ ልዑል ውጽኢት ረኺብካ ኣለኻ ማለት ከዓ ልዑል ምስልቻው ከምዘሎ ዘርኢ እዩ፡፡

**ካልኣይ ደረጃ ስነ ኣእምራዊ ስምብራት**_______________

ዝብሃል ምስ ስራሕኹም ብዝተዛመደ ብዛዕባ ዘጋጥመኩም፣ተዘዋዋሪ ዝኾነ ተቓላዕነት ናብ ስምብራታዊ መጨናነቕቲ ፍጻሜታት(ከም ኣስካካሒ ዝኾነ ስቓይ፣ግህሰት፣ሞት ምርኣይ ) እዩ፡፡ ካልኣይ ደረጃ ስነ ኣእምራዊ ስምብራት መበዛሕቲኡ ግዜ ንሓደ ከቢድ ተጓንፎ ስዒቡ ሃንደበት እዩ ዝኽሰት፡፡ ብካልኣይ ደረጃ ስነ ኣእምራዊ ስምብራት ዝሳቐዩ ሰባት መብዛሕቲኡ ግዜ ምስ ዘሕርቑን ክትጻጸርም ዘይትኽእል ተዘኩሮታት፣ብቀጻልነት ብዛዕባ ሕማቓት ተመኩሮታት ምሕሳብ፣ሕማቓት ተመኩሮታት ንዘዘኻኽርሎም ንጥፈታት ምርሓቕ፣ብዘይ ገለ ምኽንያት ምፍራሕ፣ናይ ድቃስ ጸገምን ዝበሉ ዝሳቐዩ እዮም፡፡ኣብዚ ልዑል ውጽኢት ረኺብካ ኣለኻ ማለት ልዑል መጠን ካልኣይ ደረጃ ስነ ኣኣምራዊ ስምብራት ከምዘሎ ዘመላኽት እዩ፡፡

**ሞራላዊ ምጭንናቕ** _______________

ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ሓድሓደ ግዜ ኣጸጋሚ ዝኾኑ ኩነታትን ምርጫታትን የጋጥምዎም እዮም፡፡ ሓደሓደ ግዜ ብኩነታት ክንግደድ ወይ ከዓ ምስ ውልቀ ክብረታትና፣እምነታትናን ልምዲታትናን ብዝጋጨው መልክዑ ጸባይና ክንቅይር ክንእዘዝ ንኽእል ኢና ፡፡ እዞም ናይ ስራሕ ክፋላትና እዮም ከዓ ጽፈት ሂወትና ብኣሉታ ክጸልው ናብ ዝኽእል ዘይዛሪ ውሽጣዊ ምርብባሽ ከቃልዑና ዝኽእሉ፡፡ከምዚ ዝዓይነቱ ሙራላዊ ምጭንናቕ ከዓ ምስ ጣዕሳ፣ሕፍረት፣ምምራር ዝተተሓሓዙ እዮም፡፡ኣብዚ ልዑል ውጽኢት ረኺብካ ኣለኻ ማለት ልዑል ሞራላዊ ምጭንናቕ ከም ዘሎ የማላኽት፡፡

**ብዛዕባ ኣእምራዊ ጥዕናኹም ስክፍታ እንድር ድኣ ሃሊኩም፣ብኽብረትኩም ንእትኣምንዎም መሳርሕትኹም፣ስፖርቫዘርኩም፣መሓዛኹም ወይ ኣባላት ስድራ፣ወይ ከዓ ን ባዓል ሞያ ጥዕና ኣእምሮ ተዛረቡ፡፡**